# Die Anhörung im Asylverfahren – Übersetzung in Tigrinisch

## ኣብ እዋን ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ቃለ መጠይቕ

### ሓበሬታ ንኣመልከትቲ ዑቕባ

4.-ይ ሕታም፣ ታሕሳስ 2016

Unabhängige Asylverfahrensberatung finden Sie an diesen Orten in Bielefeld:

- Unterkunft „Oldentruper Hof“, Niedernholz 2, Bielefeld
- Unterkunft „Hotel Südring“, Gütersloher Str. 259, Bielefeld
- Zentrale Ausländerbehörde (ZAB), Am Stadtholz 26, Bielefeld

You find independent consultation on the asylum process in the EAE Bielefeld here:

- Camp “Oldentruper Hof”, Niedernholz 2, Bielefeld
- Camp “Hotel Südring”, Gütersloher Str. 259, Bielefeld
- Zentrale Ausländerbehörde (ZAB), Am Stadtholz 26

Sie können mit diesen Personen sprechen: / You can talk with:

Deutsches Rotes Kreuz

**Richard Reifengerst, 0163/7400353 (Südring/ZAB)**

**Olga Lakizyuk, 0178/9090486 (Hotel Südring)**

---

AK Asyl e.V.

**Johanna Hermann, 0521/546515-62 (Hotel Südring)**

**Ari Faizy, 0521/546515-64 (Hotel Südring)**

**Sophia Stockmann, 0521/546515-63 (Oldentruper Hof/ZAB)**

---

IMAG e.V.

**Pia Villasenor, 0521 / 23828916 (Oldentruper Hof)**

---

AWO Fachdienste Migration und Integration

**Johanna Kellner, 0521/20899902 (Oldentruper Hof/ZAB)**

Quelle: www.asyl.net

ነዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ **www.asyl.net** (ኣብ ትሕቲ „Arbeitshilfen/Publikationen“) ትረኽብዎ።

**Impressum:**
Die Anhörung im Asylverfahren, Hinweise für Asylsuchende in Deutschland.
4. Auflage, Dezember 2016

Herausgeber und ©: Informationsverbund Asyl und Migration e. V., Haus der Demokratie und Menschenrechte, Greifswalder Str. 4, 10405 Berlin, kontakt@asyl.net

Die erste Auflage wurde erstellt in Zusammenarbeit mit dem Info-Bus für Flüchtlinge, München.
V. i. S. d. P.: Michael Kalkmann, c/o Informationsverbund Asyl und Migration
Unveränderte und vollständige Vervielfältigung und Weitergabe ist gestattet.

Die Inhalte des Merkblatts sowie die Übersetzungen wurden mit größtmöglicher Sorgfalt erstellt. Eine Haftung für inhaltliche Richtigkeit, Vollständigkeit und Aktualität der Informationen bzw. der Übersetzungen sowie für Schäden, die aus der Verwendung der Informationen bzw. der Übersetzungen entstehen, kann nicht übernommen werden. Rückmeldungen zur Qualität oder Aktualität der Informationen bzw. Übersetzungen richten Sie bitte an den Informationsverbund Asyl und Migration.

Die Erstellung und die Übersetzungen der 4. Auflage 2016 erfolgten im Rahmen des Programms „Koordinierung, Qualifizierung und Förderung der ehrenamtlichen Unterstützung von Flüchtlingen“. Das Programm und diese Publikation wurden gefördert durch die Beauftragte der Bundesregierung für Migration, Flüchtlinge und Integration.

Weitere Informationen zum Programm unter:

fluechtlingshelfer.info
Informationen für Flüchtlingshelferinnen und -helfer

Gefördert durch:

Die Beauftragte der Bundesregierung für Migration, Flüchtlinge und Integration

Wir sind’s!
Die Einwanderungsgesellschaft gestalten

## ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ጽሑፍ

በዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ጌርና ንዓኹም ብዛዕባ ኣብ እዋን ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ዘሎ ቃለ መጠይቕ ቁሩብ መብርሂ ክንህበኩም ንደሊ ኣለና። ዘሰደደኩም ምኽንያት እንታይ ከም ዝኾነ ንምግላጽ፣ እቲ ካብ ኩሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ዕድል ትረኽቡሉ እዋን ቃለ መጠይቕ እዩ። ኣብ ጀርመን ዑቕባ ንምርካብ፣ እዚ ወሳንነት ክህልዎ ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት ንቃለ መጠይቕ ጽቡቕ ጌርኩም ክትቅረቡሉ ኣለኩም።

ቃለ መጠይቕ ቅድሚ ምግባርኩም **ናብ ሓደ ጠበቓ ወይ ሓንቲ ጠበቓ** ወይ ድማ **ናብቶም ንስደተኛታት ዘማኽሩ ትካላት** እንተኸድኩም ዝሓሸ እዩ። ኣብ ጀርመን ማእለያ ዘይብለን ካብ ናይ ካልእ ጽልዋ ነጻ ኮይነን ንስደተኛታት ገንዘብ ከየኽፈላ ዘማኽራ ትካላት ኣለዋ። ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ እዘን ዘማኽራ ትካላት ምናልባሽ ዑቕባ ከተመልክቱ ከለኹም ትረኽቡ ትኾኑ። እንተዘይኮነ ነቶም ኣብቲ ትነብርዎ ገዛ ንዘለው ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ተወከሱ። ናይ እዘን ዘማኽራ ትካላት ኣድራሻ እውን ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.asyl.net ከፊትኩም ኣብቲ „Adressen“ ትረኽቡ።




## ምምልካት ዑቕባ እንታይ እዩ?




ዑቕባ ተመልክቱ ኣብ ፈደራል ቤት ጽሕፈት ናይ ፍልሰትን ስደተኛታትን **(Bundesamt für Migration und Flüchtlinge - BAMF)** እዩ። እስኹም ኣብ ሓደ ካልእ ዕላዊ ቤት ጽሕፈት（ንኣብነት ፖሊስ）ዑቕባ እንተ ኣመልኪትኩም፣ ካብኡ ናብ BAMF ኢኹም ትስደዱ። ድሕሪኡ ኣየ ናይ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት BAMF ንዓኹም ሓላፍነት ከም ዘለዎ ይውሰን። እዚ ኣብቲ ተመልክቱሉ ዓዲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንዓኹም ሓላፍነት ዘለዎ ኣብ ካልእ ቦታ ጀርመን እንተኾይኑ፣ ናብኡ ክትጉዓዙ ኣለኩም። ናብቲ ንዓኹም ሓላፍነት ናብ ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ቀልጢፍኩም ምኻድ ኣገዳሲ እዩ። እንተዘይኮይኑ ኣብቲ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ።

ይኹን እምበር፣ ኣብቲ ንዓኹም ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት BAMF ነቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ቀልጢፎም ኣይቅበልዎን ይኾኑ። ከምኡ እንተኾይኑ፣ ንዓኹም ብውሑጻእኩም ዝመጻእኩም ዘረጋግጽ ሓደ ቀጠልያ ወረቐት መንነት **„Ankunftsnachweis“** ክሓትሙልኩም ኣለዎም። ነቲ ተመልክትዎ ዑቕባ ከይተቐበሉ ብዝሕ ዝበለ ሰሙናት እንተሓሊፉ፣ ናብቶም ዘማኽሩ ትካላት ናይ ግድን ክትከዱን ጉዳይኩም ድማ ክትነግሩን ኣለኩም።

ዑቕባ እንተ ኣመልኪትኩም፣ ክትስኣሉ ኢኹም ከምኡ’ውን ኣሰር ኣጻብዕኩም ክውሰድ እዩ። ኣብዚ እዋን ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም፣ ንኣብነት ብዛዕባ መንነትኩም፣ ኣብ ዓድኹም ናይ መወዳእታ ኣድራሻ፣ ብዛዕባ ወለድኹምን ወለዲ ወለድኹምን ከምኡ ውን ብዛዕባ ንጀርመን ዝገበርኩሞ ጉዕዞ ዝምልከት። ነዘን ሕቶታት ኣብቲ እዋን ቃለ መጠይቕ እውን ክሓቱኹም ይኽእሉ ይኾኑ፣ እቲ ኣገባብ ምጽራይ ጉዳይ ዑቕባ ኩሉ ጊዜ ተመሳሳላይ ኣይኮነን።

ዘመልከትኩሞ ዑቕባ እንተ ተመዝጊቡ **„Aufenthaltsgestattung“** ዝተሰመየት ወረቐት መንነት ክህቡኹም እዮም። ነዛ ወረቐት መንነት ኩሉ ጊዜ ምሳኹም ሓዝዋ።




## ኣገዳሲ፡ ፖስታ ካብ BAMF

- ካብ BAMF ዝስደድ ደብዳበ ናባኹም እንተዘይበጺሑ፣ ንኣገባብ ጉዳይ ዑቕባኹም፣ ጸገም ክፈጥር ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት መዓልታዊ ደብዳበ ተሰዲድልኩም እንተኾይኑ፣ ክትርእዩ ኣለኩም። ኣብቲ መንበሪ ገዛኹም ሓዲሽ ደብዳበ ከም ዝመጸ ዝሕብር ሰሌዳ ዘሎ እንተኾይኑ፣ ዕለታዊ ንዕኡ ርኣዩ። ወይ ድማ ነቲ ኣብ ገዛኹም ደብዳበ ዝዕድል ውልቀሰብ ሕተቱ።

- ገዛ እንተ ቐዩርኩም ወይ ድማ ናብ ካልእ መዕቀቢ ስደተኛታት እንተተመዲብኩም፣ ንቤት ጽሕፈት BAMF ቀልጢፍኩም ኣፍልጡ። ካልኦት ቤት ጽሕፈታት ነቲ ሓዲሽ ኣድራሻኹም እንተፈለጡ’ውን፣ ነዚ ንኽተፍልጡ ትግደዱ ኢኹም። ጠበቓ ዘለኩም እንተኾይኑ፣ ንጠበቓኹም እውን ቀልጢፍኩም ኣፍለጡ።

## ኣብ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ እንታይ እዩ ዝግበር?

ኣብ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ቤት ጽሕፈት BAMF ነዘን ዝቕጽላ ሕቶታት የጻሪ:

- **ነዚ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ሓላፍነት ዘለዎ ሃገር ጀርመን' ድዩ?** (ብዛዕብኡ ሓበሬታ ኣብ እዚ ገጽ ኣብ ዘሎ ጽሑፍ ትረኽቡ)
- ጀርመን ነዚ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ እንተፈጸመት: **ኣብ ዓድኹም ጸገም ኣጋጢሙኩም ድዩ ከምኡ ድማ ንሃገርኩም እንተተመለስኩም እንታይ ዘፍርሕ ኣለኩም?**

ኣመልከትቲ ዑቕባ፣ ብዛዕባ እዘን (ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ) ሕቶታት፣ ሓንሳብ ጥራሕ ክሕተቱ ኸለዉ ሳሕቲ ድማ ኣብ ዝተ ፈላለያ መዓልታት ቆጸራ ክሕተቱ ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ዘደናግር ክኸውን ይኽእል እዩ። ቤት ጽሕፈት BAMF ኣብቲ እዋን ቆጸራ ብዛዕባ እንታይ ከም ትዘራረቡ ናይ ግድን ኣብ መጀመርታ ክሕብረኩም ኣለዎ።

### ሓላፍነት ናይ መን ከም ዝኾነ ምጽራይ „ኣገባብ ዳብሊን“

ኣብ ኤውሮጳ ዘለዋ ብዙሓት ሃገራት፣ ጀርመን እውን ምስኤን፣ መመልከቲ ዑቕባ ንምስላጥ ሓንቲ ሃገር ጥራሕ ሓላፍነት ንኽትወስድ ተሰማሚዔን እየን። ነዚ ስምምዕ እዘን ሃገራት ኣብ ዋና ከተማ ኣየርላንድ ዳብሊን ውዕል ተፈራሪመን። በዚ ምኽንያት፣ እቲ መን ሓላፍነት ከም ዝስከም ዘረጋግጽ ኣገባብ፣ „ኣገባብ ዳብሊን“ ተባሂሉ ይፍለጥ።

ኣብዚ ኣገባብ ዳብሊን፣ እቲ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባኹም ኣብ ጀርመን ዘይኮነስ ኣብ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ክጻረ ከም ዝግብኦ፣ ክፍለጥ ይኽእል ይኸውን። ከምዚ ክኸውን ዝኽእል በዘን ዝቕጽላ ዘለዋ ምኽንያታት እዩ፣

- ኣቐዲምኩም ኣብ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ዑቕባ ዘመልከትኩም እንተ'ኼንኩም፣
- ኣብ ሓደ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ዝርከባ መንግስታዊያን ቤት ጽሕፈታት ዝተመዝገብኩም እንተ'ኼንኩም፣
- ብቪዛ ሓንቲ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ዝመጻእኩም እንተ'ኼንኩም ወይ ድማ
- ኣብ ሓንቲ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ዝነበርኩም ከም ዝኾንኩም ካልእ መረጋገጺ ዝቐረበ እንተ'ኾይኑን።

ዝኾነ ይኹን፣ ነቲ ጉዳይኩም ንምጽራይ ሃገር ጀርመን ሓላፍነት ዘይትወስድ እንተ'ኾይና፣ ምስ እተን ዘማኽራ ትካላት ወይ ድማ ምስ ጠበቓኹም ተመያየጡ። እቲ ጉዳይ ከምኡ እንተ'ኾይኑ፣ ዘመልከትኩምሉ ምኽንያት ከይተመርመረ፣ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ኹም ክዕጾ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ግን ኣብ ኤውሮጳ ዑቕባ ኣይትረኽቡን ኢኹም ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ነቲ መመልከቲ ጉዳይ ዑቕባኹም ኣብ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ከም ዝጻረየልኩም ንኽትገብሩ ክትእዘዙ ኢኹም። ኣብቲ ሃገር እውን ክትዑቀቡ ትኽ እሉ ኢኹም።

ቤት ጽሕፈት BAMF ብዛዕባ ኣገባብ ዳብሊን ክሕብረኩም ይግደድ እዩ። ነዚ ዝምልከት መብርሂ ብጽሑፍ ይህበኩም እዩ። ኣብ ልዕሊኹ' ውን ኣገባብ ዳብሊን እንታይ ከም ዝኾነ ንምግላጽ፣ ምሳኹም **ክመያየጥ** እዩ። እዚ ምይይጥ ኣብቲ እዋን ቃለመጠ ይቕ፣ ምስ እቲ እስኹም ንምንታይ ዑቕባ ተመልከቱ ከም ዘለኹም ትገልጽዎ ክጠቓለል ይኽእል እዩ። ወይ ድማ ካብ ቃለ መጠ ይቕ ተፈልዩ ይግበር። ተመልከትዎ ዑቕባ ኣብ ጀርመን እምበር ኣብ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ንኸይምርመር ፍሉይ ዝኾነ ምኽንያት ዘለ ኩም እንተ'ኼንኩም፣ ነተን ምኽንያታት ኣብ እቲ እዋን ምይይጥ ክትገልጹ ኣለኩም። ንኣብነት እስኹም ኣብ ጀርመን ኣባላት ስድ ራቤት ዘለኩም እንተ'ኾይኑ ወይ ድማ ኣብቲ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ዘፍርሓኩም እንተ'ኾይኑ፣ ነዘን ምኽንያ ታት ኣብቲ እዋን ምይይጥ ናይ ግድን ክትነግሩ ኣለኩም።

ኣብ ሓደ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ብዛዕባ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ውሳነ ዝተገብረ እንተ'ኾይኑ፣ ኣብ ጀርመን ከም ግቡእ ካልእ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ኣይትግበርን እዩ። ፍልይ ንዝበለ ጉዳይ ግን ክትግበረሉ ዝኽእል ኣጋጣሚ ስለዘሎ፣ ናይ ግድን ምስ ትካል ኣማኽርቲ ወይ ድማ ምስ ጠበቓኹም ብዛዕብኡ እውን ተዛረቡ።

## ኣብ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ እንታይ እዩ ዝጻረ?

ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ኣብ ጀርመን ዝካየድ እንተኾይኑ፣ ቀንዲ ዝምርመር ነገር፣ እስኹም ከም መጠን **ስደተኛ (Flüchtling)** ተቐባልነት ክተረኽቡ ትኽእሉ እንተኼንኩም እዩ። ኣብዚ እዋን ወሳኒ ዝኾነ ነገር፣ እስኹም ኣብ መበቆል ሃገርኩም እንተ ተመለስኩም ጸቕጢ ዘጋጥመኩም እንተ ኾይኑ እዩ። ምናዳ ኣብ መበቆል ዓድኹም ንህይወትኩም ዘስግእ ኩነታት፣ ኣካላዊ ጉድኣት ወይ ድማ ነጻነት ዘስእን ኩነታት ዘሎ እንተ ኾይኑ እዩ። ካልኦት ሰብኣዊ መሰል ዝግህሳ ሃገራት እውን፣ ተመሳሳላይ ዝኾነ ሳዕቤን ዘለወን እንተ ኾይነን፣ ጸቕጥታት ክኾና ይኽእላ እየን። ከምኡውን ብሓደ ፍልይ ዝበለ „መፍለጢ“ ምኽንያት ሰብኣዊ መሰልኩም ዝግፈፍ እንተ ኾይኑ፣ ይምርመር እዩ። እዚ ናይ ሓደ ውልቀሰብ መለለዩ ክኸውን ይኽእል እዩ (ቀለም ቆርበት፣ ጾታ፣ ግብረስጋዊ ምእዘና) ወይ ድማ ፖለቲካዊ ይኹን ሃይማኖታዊ እምነት።

ናይ ምስቓይ (ምህዳን) ሓደጋ ከምዘሎ ክረጋገጽ እንተዘይክኢሉ፣ እቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ምጽራይ ኣይውዳእን እዩ። ቤት ጽሕፈት BAMF ንዓኹም ኣብ መበቆል ሃገርኩም ካልእ ሓደጋ ከጋጥመኩም ዝኽእል እንተ ኾነ ብተወሳኺ ክጻሪ ኣለዎ። ሃገርኩም ንኣብነት ብምኽንያት ውግእ ሕድሕድ ንዓኹም ሓደገኛ እንተኾይኑ፣ **„subsidiärer Schutz“** (ዙብዚዴረር ሹትስ) ዝተባህለ **„ደረጅኡ ዝተሓተ ዑቕባ“** ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኩም።

ብጀክኡ እውን ካልእ ከቢድ ዝኾነ ሓደጋ ከጋጥመኩም ዝኽእል እንተኾይኑ ይጻረ እዩ። ከም ምሳለ ክጥቀስ ዝኽእል፣ ብሓደ ሕማም ምኽንያት ወይ ድማ ጽጉም ብዝኾነ ኩነታት ናብራ ምኽንያት፣ ኣብ መበቆል ዓድኹም ንህላወ ህይወትኩም ዘስግእ እንተ ኾይኑ። እቲ ጉዳይ ከምኡ እንተኾይኑ፣ ቤት ጽሕፈት BAMF **„ምኽልካል ምስጓግ“ („Abschiebungsverbot“)** ክጻሪ ኣለዎ።

ናይ ኩሉ ጊዜ ኣገዳሲ ዝኾነ ሕቶ፣ ንጀርመን ቅድሚ ምስዳድኩም፣ ኣብ ካልእ ዓዲ ንኽትዑቀቡ ኣጋጣሚ ዝነበረኩም እንተኾይኑ እዩ። እዚ ትዑቀብዎ ዓዲ ካብ ሃገርኩም ወጻኢ ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገርኩም ኣብ ካልእ ከባቢ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሰበ መዚ ጀርመን፣ እስኹም ኣብ ካልእ ዓዲ ክትዑቀቡ ትኽእሉ ኢኹም ናብቲ ዓዲ ድማ ክትምለሱ ትኽእሉ ኢኹም፣ ኢሎም እንተ ወሲኖም፣ ንዓኹም ኣብ ጀርመን መሰል ዑቕባ ክኽልክሉ ይኽእሉ እዮም።

## ዕድመ ንቃለ መጠይቕ

እቲ ተመልክትዎ ዑቕባ ብዓወት ንኽዛዘም ወይ ድማ ንኽንጸግ፣ እቲ ቃለ መጠይቕ ወሳንነት ኣለዎ። ኣቐዲምኩም ኣብ ካልኦት ቤት ጽሕፈታት (ንኣብነት ኣብ እንዳ ፖሊስ) ወይ ድማ ኣብቲ መቐበሊ ስደተኛታት ክትምዝገቡ ከለኹም፣ ምኽንያት መስደዲኹም እንታይ ከም ዝኾነ ገሊጽኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ወሳንነት ዘለዎ ግን፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት BAMF ኣብ እዋን ቃለ መጠይቕ ትዛረብዎ እዩ።

እቲ ቃለ መጠይቕ መመልከቲ ምስ ኣቕረብኩም ድሕሪኡ ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት ክግበር ይኽእል እዩ ወይ ድማ መመልከቲ ምስ ኣቕረብኩም ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ይግበር። መመልከቲ ምስ ኣቕረብኩም፣ ክሳብ ናይ ቃለ መጠይቕ ቆጸራ ዝስደድ እውን ብዙሕ ኣዋርሕ ክትጽበዩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ሓደ ሓደ ቤት ጽሕፈታት BAMF ካብ ዝተወሰና ዓድታት ንዝመጹ ኣመልከትቲ ዑቕባ ቀልጢፎም ናይ ቃለ መጠይቕ ቆጸራ ይህቡ፣ ምኽንያቱ ድማ ኣብታ ቤት ጽሕፈት BAMF ዘለዉ ሰበስልጣናት፣ ካብዚኤን ዓድታት ዝመጹ ኣመልከትቲ ተቐባልነት ንኽረኽቡ ዘለዎም ዕድል ብጣዕሚ ሰፊሕ እዩ ወይ ድማ ብጣዕሚ ጸቢብ እዩ ኢሎም ስለዝኣምኑ እዩ። ኣባላት ቤት ጽሕፈት BAMF፣ ናይቶም ካብዘን ሃገራት ዝመጹ ውልቀሰባት መመልከቲ ቀልጢፍና ኣሳሊጥና ክንውስን ንኽእል ኢና ኢሎም ስለዝኣምኑ እዩ። እቲ ቃለ መጠይቕ መመልከቲ ምስ ቀረበ ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት እንተ ተገበረ ወይ ድማ እንተ ደንጎየ፣ እቲ ኣቕራብኩሞ ዘለኹም መመልከቲ እንታይ ዓይነት ናይ ምቕባል ዕድል ከም ዘለዎ ዝውስን ኣይኮነን። ቤት ጽሕፈት BAMF ብዙሓት ካልኦት ዘመልከቱዎ እውን ከሳልጥ ስለዘለዎ፣ ሓደ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ነዊሕ ጊዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ይኹን ቤት ጽሕፈት BAMF ነቲ ኣብ እዋን ቃለ መጠይቕ ዝሃብኩሞ ምኽንያት ክጻሪ ኣለዎ፣ ካብ ሓደ ሃገር ስለ ዝመጻኹም ጥራሕ ከም ምኽንያት ቆጺሩ ነቲ ዘመልከትኩሞ ክነጽግ ኣይክእልን እዩ።

ካብኡ ብዝተረፈ ቤት ጽሕፈት BAMF እስኹም ኣብ ሓደ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ተቐሚጥኩም ኔርኩም እንተኼንኩም ክሓትት ምእንቲ፣ ንዓኹም ሓደ ሓዲሽ ቆጸራ ክሰደልኩም ይኽእል እዩ። ኣብዚ እዋን ዝግበር ቃለ መጠይቕ ዕላምኡ፣ ነቲ ናትኩም ጉዳይ ዑቕባ ንምጽራይ ምናልባሽ ሓደ ካልእ ሃገር ኤውሮጳ ሓላፍነት ዘለዎ እንተ ኾይኑ ንምጽራይ እዩ። እዚ ቆጸራ ሓደ ክፍሊ ናይ „ኣገባብ ዳብሊን“ (ብዛዕብኡ ሓበሬታ ኣብ ገጽ 3 ኣብ ዘሎ ጽሑፍ ትረኽቡ) እዩ።

ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ብምኽንያት ኣገባብ ዳብሊን ኣቐዲሙ ዘይተነጸገ እንተኾይኑ፣ ንዓኹም ብጽሑፍ **„ብምዕራፍ 25 ሕጊ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ መሰረት“ („Anhörung gemäß§ 25 Asylgesetz)** ዕድመ ክስደደልኩም እዩ። ኣብዚ እዋን ቆጸራ – ምናልባሽ እንተ ተጸሊእኩም – ክትመጹ ዘይትኽእሉ እንተ ኾንኩም፣ ንቤት ጽሕፈት BAMF ቀልጢፍኩም ከተፍልጡ ኣለኩም ከምኡውን ናይ ሓኪም መረጋገጺ ጽሑፍ ከተቕርቡ ኣለኩም። ንቃለ መጠይቕ ዝተሰደደ ናይ ቆጸራ ዕድመ ደንጉዩ ናባ ኹም ክመጽእ በዚ ምኽንያት ድማ እስኹም ናብ ቆጸራ ብእዋኑ ክትመጹ ዘይትኽእሉ ትኾኑ ወይ ድማ እቲ ዕለት ቆጸራ ዝሓለፈ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት ጉዳይ እንተ ኣጋጢምኩም ቀልጢፍኩም ንቤት ጽሕፈት BAMF ከተፍልጡ ኣለኩም ከም ኡውን ምስ ትካል ኣማኸርቲ ወይ ድማ ምስ ጠበቓኹም ብዛዕብኡ ተዛረቡ። ናብቲ ቆጸራ ናይ' ቲ ቃለ-መጠይቕ ዘይምምጻእኩም ጌጋ ናትኩም እንተዘይኮይኑ፣ ቤት ጽሕፈት BAMF ሓዲሽ ቆጸራ ክህበኩም ኣለዎ።

ኣብቲ እዋን ቃለ መጠይቕ፣ ብሓደ ኣባል ቤት ጽሕፈት BAMF ብኣካል ብዛዕባ ዘስደደኩም ምኽንያት ክትሕተቱ ኢኹም። ንም ንታይ ተሰዲድኩም ከም ዘለኩም ንምግላጽ፣ ቃለ መጠይቕ ካብ ኩሉ ኣገዳሲ ዝኮነ እዋን እዩ። ነዚ ቆጸራ ብምንም ምኽንያት ከተ ሕልፍዎ የብልኩምን ከምኡ ድማ ጽቡቕ ጌርኩም ክትቕረቡሉ ኣለኩም። ነቲ ሰዓት ኣኽቢርኩም ናብ እቲ ቆጸራ ምጹ። ክሳብ ቃለ መጠይቕ ዝጅመር ነዊሕ ጊዜ ክትጽበዩ ትኽእሉ ትኾኑ። በዚ ምኽንያት ቁሩብ ዝብላዕን ዝስተን ሒዝኩም ምጹ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ቃለ መጠይቕ

ቃለ መጠይቕ ቅድሚ ምጅማሩ፣ ነተን ኣገደስቲ ዝኾና ነገራት ክትዝክሩ ፈትኑ። ነተን ኣገደስቲ ትብልወን ኣጋጣሚታትን እዋናተንን ክትጽሕፍወን ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ሓሳብኩም ንምጥርናፍን ነቲ ዝገራጮ ነገራት ንኸተለልዩን ድማ ይሕግዝ እዩ። ነዚ ናይ ውልቀኹም ዝኾነ መዘኻኸሪ ጽሑፍ ግን ንቤት ጽሕፈት BAMF ከይትህቡ ከምኡውን ናብ ቃለ መጠይቕ ሒዝኩሞ ኣይትእተዉ። ዝሰና ዕኩሞ ታሪኽ ትነግሩ ዘለኹም ክመስል ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ቃንዛ ዝፈጥረልኩም ወይ ድማ ባህ ዘይብለኩም ዘጋጠመኩም ነገራት ክትገልጹ ከም ዘለኩም እውን ፈሊጥኩም ክትቕረቡሉ ኣለኩም።

ሰበይቲ እንተ ኼንክን እሞ፣ ብዛዕባ ዘጋጠመክን ዓመጽ ምስ ሓደ ሰብኣይ ክትዛረባ ዘይትኽእላ እንተ ኼንክን፣ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍክን ንቤት ጽሕፈት BAMF ኣፍልጣ። ቤት ጽሕፈት BAMF ንደቂኣነስትዮ ቃለ መጠይቕ ንምክያድ ፍሉይ ትም ህርቲ ዘለወን መሳርሕቲ ኣለውኦ። ንትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ፣ ከምኡ' ውን ብዘጓነፎም ሕማቕ ነገር (ስምባደ) ሕማም ስነ ኣእምሮ



ንዘጋጠሞም ውልቀሰባ፣ ዝሕግዙ ፍሉይ ትምህርቲ ዝወሰዱ ሰራሕተኛታት ደቂ-ተባዕትዮ ይኹኑ ደቂ-ኣንስትዮ ኣለዉ። ብግብረ ስጋዊ ምእዛናኹም ምኽንያት ጸገም ዘጋጠመኩም እንተ ኼንኩም እውን፣ ብፍላይ በዚ ጉዳይ ፍሉይ ትምህርቲ ብዘለዎም መሳርሕቲ ኣብ ቃለ መጠይቕ ክትሕተቱ ትኽ እሉ ኢኹም። ምስ ኽምዚኦም ፍሉይ ትምህርቲ ምስ ዘለዎም ሰባት ክት ዛረቡ ትደልዩ እንተ ኼንኩም፣ ንቤት ጽሕፈት BAMF ናይ ግድን ኣቐዲም ኩም ክትገልጹ ኣለኩም።



ኣብቲ ቃለ መጠይቕ **ሓንቲ ተርጓሚት ወይ ሓደ ተርጓማይ** ኣለዉ። ንቤት ጽሕፈት BAMF በየናይ ቋንቋ ቃለ መጠይቕ ክትገብሩ ከም እትደ ልዩ ብእዋኑ ኣፍልጡ። እቲ ትመርጽዎ ቋንቋ ኣጸቢ ቕኩም ትመልክዎን ሓሳ ብኩም ክትገልጹሉን ትኽእሉ ክኸውን ኣለዎ። ጓለ-ኣንስተይቲ ተርጓሚት ትደልዩ እንተ ኼንኩም እውን ንቤት ጽሕፈት BAMF ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ልዕሊ እቶም ካብ ቤት ጽሕፈት BAMF ዝቕረቡ ተርጎምቲ፣ ብተወ ሳኺ ባዕልኹም ቋንቋኹምን ጀርመንኛን ዝመልኽ ውልቀሰብ ሒዝኩም ክት መጹ መሰል ኣለኩም። እዚ ሒዝኩሞ ትመጹ ውልቀሰብ ነቲ ምትርጓም ኣብ ክንዲ ተርጓማይ ክሰርሕ ኣይኮነን ዝመጽእ፣ እንታይ ደኣ እቲ ትርጉም ብልክዕ ይትርጎም ከም ዘሎ ክቆጻጸር ይኽእል እዩ ከምኡ ድማ ኣብ ምርድዳእ ክሕግዝ ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይ ነት ውልቀሰብ ከተምጽኡ ትኽእሉ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ዘምጻእኩሞ ውልቀሰብ ነጻ ኴንኩም ብዛዕባ ኩሉ ነገር ክትዛረቡ ትኽእሉ እን ተ ኼንኩም ጥራሕ እዩ። እዚ ዝመጽእ ውልቀሰብ ኣብ ምትርጓም ክሕግዝ እምበር፣ ብምንም ዓይነት ኣብ ክንዳኹም ኮይኑ ብዛዕባ ምኽንያት መስደዲኹም ንኽገልጽ ኣይኮነን ዝመጽእ።



ተርጓማይ ወይ ተርጓሚት ነቲ እስኹም ትነግርዎ ዝርዝር ብትኽክል ክትርጉም ኣለዎ። እሱ ወይ እሳ ስርሖም ነቲ እስኹም ትገልጽዎን ነቲ እቲ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት BAMF ዝሓትቶን ምትርጓም ጥራሕ እዩ። እሱ ወይ እሳ ርእይቶ ክህቡ የብሎምን። እሱ ወይ እሳ ነዚ ስርሖም ብትኽክል ዘይሰርሑ እንተ መሰለኩም፣ ነቲ መሳርሕቲ ወይ ነታ መሳርሕቲ ቤት ጽሕፈት BAMF ብዛዕብኡ ሓብርዎም። ብርቱዕ ዝኾነ ናይ ምርድዳእ ጸገም ዘሎ እንተ ኾይኑ፣ እቲ ቃለ መጠይቕ ብሓደ ካልእ ተርጓማይ ወይ ተርጓሚት ንኽቕጽል ሕተቱ። ብውሑዱ እዚ ጉዳይ ኣብ ፕሮቶኮልኩም (ጽሚቕ ናይ ዝርርብኩም) ከም ዝጸሓፍ ግበሩ።

ነቲ ዘጋጠመኩም ጸገም ዝገልጽ **ናይ ጽሑፍ መረጋገጺ** ዘለኩም እንተ ኾይኑ፣ እንተደንጎኹም ኣብ እዋን ቃለ መጠይቕ ኣቕርቡ። እዚ ሓደ ዶኩሜንት ክኸውን ይኽእል እዩ (ንኣብነት ናይ ሰበ ስልጣናት ዝሑፍ ወይ ናይ ሓደ ፓርቲ ወይ ናይ ሃይማኖት ማሕበር መረጋገጺ ጽሑፍ) ወይ ድማ ንዓኹም ዝትንክፍ ኣብ ሓደ ጋዜጣ ዝሰፈረ ጽሑፍ ክኸውን ይኽእል እዩ። ቤት ጽሕፈት BAMF ነዘን ወረቓቕቲ ኣብ ፋይል (መትሓዝ ወረቐት፣ሓቛፍ) የእትወን እዩ። ቤት ጽሕፈት BAMF ናይዘን ወረቓቕቲ ቅዳሕ ንኽህበኩም ሕተቱ። ኣዕሩኽኩም ወይ ድማ ኣዝማድኩም ካብ ሃገርኩም ኣገደስቲ ዝኾና ሰነዳት ክሰዱልኩም ዝኽእሉ እንተ መሰለኩም፣ ንቤት ጽሕፈት BAMF ንገሩ። ሰነዳት ብጣዕሚ ጠቓምቲ ዝኾና መረጋገጺታት ክኾና ይኽእላ እየን። ካብ ኩሉ ዘገድስ ግን ኣብቲ እዋን ቃለ መጠይቕ ትዛረብዎ ነገር እዩ። ዝተሰንዔ ሰነድ ብፍጹም ከይተቕርቡ። እቲ ተቕርብዎ ሰነድ ናይ ብሕሶት ከም ዝኾነ እንተ ተረጋጊጹ፣ ኩሉ ካልእ ትነግርዎም ከም ዘይእመን ኮይኑ ክምዘን ይኽእል እዩ።

ብኣይሮፕላን ንጀርመን ከም ዝመጸኹም መረጋገጺ ዘለኩም እንተ ኾይኑ (ንምሳለ ናይ ኣይሮፕላን ቲኬት ወይ ቦርድ ካርድ)፣ ንቤት ጽሕፈት BAMF ሃቡዎም።

**ሓንቲ ጠበቓ** ወይ **ሓደ ጠበቓ** ሒዝኩም ዘለኹም እንተ ኴንኩም፣ ጠበቓኹም ምሳኹም መጺኦም ኣብ ቃለ መጠይቕ ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። ከምኡውን እስኩም **ትኣምንዎ** ውልቀሰብ ከም መጠን **„ደጋፊ“ („Beistand“)** ኾይኑ ኣብ ቃለ መጠይቕ ክሳተፍ መሰልኩም እዩ። ካብ ኩሉ ዝበለጸ፣ ብዛዕባ ሕጊ ዑቕባ ጽቡቕ ኣፍልጦ ዘለዎምን ምሳኹም ድማ ነዚ ቃለ መጠይቕ ዝተቐረበ ሓደ ኣማኻሪ ወይ ሓንቲ ኣማኻሪት እንተ ረኺብኩም እዩ። ከም ግቡእ ሓደ ዑቕባ ኣመልኪቱ ዘሎ ኣባል ስድራቤትኩም ከም መጠን ትኣምንዎ ውልቀሰብ ክትመርጹ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ሓደ ትኣምንዎ ውልቀሰብ ኣብ ቃለ መጠይቕ ዝሳተፍ እንተኾይኑ፣ ብዝተኻኣለ መጠን ቀልጢፍኩም ንቤት ጽሕፈት BAMF ኣፍልጡ። ኣብ ቅድሚ እቲ ዘምጻእኩሞ ውልቀሰብ ነጻ ኴንኩም ብዛዕባ ኩሉ ነገር ክትዛረቡ ትኽእሉ እንተኼንኩም ጥራሕ ከምዚ ዓይነት ሰብ ሒዝኩም ምጹ። እዚ ሒዝኩሞ ትመጹ ውልቀሰብ ኣብ ክንዳኹም ኮይኑ ብዛዕባ ምኽንያት መስደዲኹም ኽገልጽ ኣይክእልን እዩ፣ እንታይ ደኣ ኣገዳሲ ነገር ንኸይትርስዑ ክዕዘብ እዩ ዝመጽእ።



## ኣሰራርዓ ቃለ መጠይቕ

ኣብ መጀመርታ ብዙሓት ሕቶታት ትሕተቱ። እዘን ሕቶታት ብዛዕባ ውልቃዊ ኩነታትኩም ዝምልከት እዩ – ንኣብነት ብዛዕባ በዓልቲ-ቤትኩም/በዓል-ቤትክን፣ ደቅኹም፣ ወለድኹም ሞያኹም ትሕተቱ – ከምኡውን ብዛዕባ ጉዕዞኹም። ነዘን ሕቶታት ቅድሚኡ ዝሓተቱኹም እንተ ኾይኖም፣ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት BAMF ኣሕጽር ኣቢሉ ጥራሕ ይሓትት። ነዘን ሕቶታት ክሓቱ ከለዉ፣ ካባኹም ዝጽበይዎ ኣሕጽር ኣቢልኩምን ብቐጥታን መልሲ ንኽትህቡ እዩ።

ብዛዕባ ምኽንያት መስደዲኹም ክትሕተቱ ከለኹም ግን፣ ኣስፍሕ ኣቢልኩምን ዘርዚርኩምን ኽትገልጹ ኣለኩም። ኣብዚ እዋን ካባኹም ዝጽበዩ፣ ወላኳ ብዙሕ ሕቶታት እንተዘይተሓተትኩም እውን፣ ባዕልኹም ነተን ዝተሰደድኩምለን ምኽንያታት ኣስፍሕ ኣቢልኩምን ሓንቲ ነገር ከይገደፍኩምን ንኽትገልጹ እዩ፣ ብዛዕባ እቲ እዋን ከይተገደስኩም፣ ብዛዕባ ኩሉ ጉዳይኩም ግለጹ። በዚ **ቅኑዕን ዝርዝርን መግለጺ**፣ እቲ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት BAMF ነቲ ትነግርዎ ታሪኽ ንኽኣምኖ ይሕግዞ እዩ። ንመበቆል ሃገርኩም እንተ ተመሊስኩም፣ ከጋጥመኩም ዝኽእል ጸገም እንታይ ከም ዝኾነ ዘርዚርኩም ግለጹ። ብዛዕብኡ እንተ ዘይተሐተትኩም፣ ኣብ ሃገርኩም ብዛዕባ ዘሎ ሓፈሻዊ ዝኾነ ፖለቲካዊ ኩነታት ምግላጽ ኣየድልየኩምን እዩ።

ነቲ ዘጋጠመ ነገር ብኢደ ኣዙር ተጠቒምኩም ኣይትግለጹ (ንኣብነት „ቤተሰበይ ምስ ፖሊስ ሽግር ኣለዎ“)፣ እንታይ ደኣ እቲ ዘጋጠመ ከመይ ከም ዝነበረ ብልክዕ ግለጹ። ሓገዝ ንኽኾነልኩም ነዘን ዝስዕባ ዘለዋ ሕቶታት ተጠቀሙ:

- „እንታይ እዩ ተፈጺሙ ቅድመ መስርዑ ' ኸ ከመይ ኔሩ ?“
- „መዓስን ኣበይን እዩ ተፈጺሙ?“
- „ኣብኡ መን ኔሩ?“
- „ንምንታይ እዩ ተፈጺሙ?“

ብልክዕ ምግላጽ ኣድላዪ ይኹን እምበር፣ ናይ እቲ ዝተፈጸመ ነገራት ኩሉ ዝርዝር ክትዝክሩ ትኽእሉ ኢኹም ማለት ኣይኮነን፣ ከምኡውን ንኹለን ሕቶታት መልሲ „ክትምህዙ“ ኣለኩም ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት ናይ ሓደ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ዝተፈጸመ ነገር፣ ብልክዕ ኣበየናይ ዕለት ከም ዝተፈጸመ እንተረሳዕኩም፣ ንቡር እዩ። እቲ ጉዳይ ከምኡ እንተ ኾይኑ፣ ሓደ ዕለት ክትግምቱ ወይ ድማ ክትጣበቡ የብልኩምን። እዚ ምስ እቲ ትገልጽዎ ነገር ክገራጮ ይኽእል እዩ። እቲ ዕለት ብልክዕ መዓስ ከም ዝነበረ ከም ዘይትዝክሩ ወይ ድማ ብዝተኻእለኩም መጠን ምስ ካልኦት ዕለታት ኣተሓሒዝኩም ግለጹ (ንኣብነት: „ብግምት ክልተ ሰሙን ድሕሪ ዕለት ልደት ኣቦይ“ ወይ „እዋኑ ክረምቲ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ምኽንያቱ ኣነ ዘሙውቕ ክዳውንቲ ተኸዲነ ስለዝነበርኩ“)።

ሓደ ሓደ እዋናት ኣብ ሞንጎ ኣመልከትቲ ዑቕባ „ታሪኻት“ ይነፍስ እዩ፣ ከምኡ ኢሉ ዝተዛረበ ኣብ ቤት ጽሕፈት BAMF ተቐባልነት ይረክብ ይብሉ። በዚ ነገር ብምንም ዓይነት መገዲ ከይትጽለዉ። ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት BAMF ኣብ መበቆል ሃገርኩም ንዘሎ ኩነታት ዝፈልጡ ስለዝኾኑ፣ ናይ ሓሶት ታሪኽ ክሰምዑ ከለዉ ቀልጢፎም ይፈልጥዎ እዮም። ነቲ ትነግሩዎም ናይ ብሓቂ ነገር እውን ክጥርጥርዎ ይኽእሉ እዮም።

ምናልባሽ ኣብ ቅድሚ ጓና ክትዛረብዎ ዘይትኽእሉ ነገራት ተፈጢሩ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ነገር ስቕ ኢልኩም ኣይትሕለፍዎ፣ እንታይ ደኣ መዓስ ኣበይ እዚ ጉዳይ ከም ዝተፈጸመ ንገሩ ከምኡ ድማ ንምንታይ እስኹም ዘርዚርኩም ክትገልጹ ከም ዘይትኽእሉ ንገሩ።

እቲ ሰራሕተኛ ወይ እታ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት BAMF ንሓደ ሓደ ነጥብታት መላሊሶም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ነዘን ሕቶታት ኣሕጽር ኣቢልኩም ጥራሕ መልሲ ኣይትሃቡ፣ እንታይ ደኣ ወላኳ ኣነጺሮም ኣይሕተቱ እምበር፣ ንኹለን ኣገደስቲ ዝኾና ነገራት ኣስፍሕ ኣቢልኩም ግለጹ። ከምኡውን እቲ ትሕተትዎ ሕቶ ምስ ተረዳኣኩም ድሕሪኡ መልሲ ሃቡ። ዘይተረዳኣኩም እንተ ኾይኑ ከኣ ሕተቱ።

ብሓደ ሕማም ትሳቐዩ እንተ ኰንኩም ነቲ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት BAMF ብዛዕብኡ ግለጹ። እዚ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘገድስ፣ እስኹም ካብ ሓደ ጽቡቕ ክንክን ጥዕና ካብ ዘይብሉ ሃገር ዝመጸኹም ወይ ድማ ነቲ ዋጋ ሕክምና ኣብ መበቆል ሃገርኩም ንምኽፋል ዓቕሚ ዘይብልኩም እንተኼንኩም እዩ።

ርግእ ኢልኩም ከይተሃወኽኩም ሓሳብኩም ግለጹ፣ እኹል ጊዜ ኣለኩም። ኣድላዪ እንተኾይኑ ኣብ ሞንጎ ከተዕርፉን ድሕሪ ዕረፍቲ ወይ ድማ ካልእ መዓልቲ ነቲ ቃለ መጠይቕ ክትቅጽሉ ትኽእሉ ኢኹም።

# ፕሮቶኮል (ጽሑፋዊ ጽሚቕ ናይ ዝርርብ)

እቲ ትህብዎ ቃል ኣብ ፕሮቶኮል ክሰፍር እዩ። እቲ ሰራሕተኛ ወይ እታ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት BAMF ነቲ እስኹም ትህብዎ ቃል ኣብ ቴፕ ክቐድሕዎ እዮም፣ ድሕሪኡ ብታይፕ ይጸሓፍ። እዚ ማለት ግን ቃል ብቃል ኩሉ እቲ ትዛረብዎ ይቕዳሕ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቲ ሰራሕተኛ ወይ እታ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት BAMF ነቲ ትህብዎ ቃል ጸሚቖም ይቐድሕዎ። ኣብዚ እዋን ጌጋ ክግበር ስለዝኽእል፣ ነቲ ተጸሚቑ ተቐዲሑ ዘሎ ሙሉእን ልክዕን ከም ዝኾነ ምቁጽጻሩ ኣገዳሲ እዩ። ድልየትኩም እንተ ኾይኑ፣ እቲ ፕሮቶኮል ቃል ብቃል ክትርጎም ኣለዎ። ቃለ መጠይቕ ክጅመር ከሎ፣ ነቲ ፕሮቶኮል ተተርጒሙ ክትሰምዕዎ ከም እትደልዩ ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም። መብዛሕትኡ እዋናት ምትርጓም ዘየድልየኩም እንተ ኾይኑ ይሓቱ እዮም። እስኹም ግን ክትርጎመልኩም ከም እትደልዩ ንገሩ። ኣብዚ እዋን ጌጋ ወይ ድማ ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ ዘሎ መሲሉ እንተ ተሰሚዑኩም፣ ከም ዝዕረ ግበሩ። ናይ ቃለ መጠይቕ ፕሮቶኮል ኣብቲ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣገዳሲ ዝኾነ ሰነድ እዩ። ምናልባሽ ሓደ ካልእ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት BAMF ነቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ክውስን ይኽእል ይኸውን፣ እዚ ዝውስን ሰራሕተኛ ነቲ ቃለ ጉባኤ ጥራሕ እዩ ዝፈልጥ እምበር ምሳኹም ተዛሪቡ ዘይፈልጥ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ መወዳእታ ነቲ ፕሮቶኮል ፈርሙ ትበሃሉ ኢኹም። ነዚ ክትፍርሙ ከለኹም፣ እስኹም ነተን ኣገደስቲ ዝኾና ሓበሬታት ገሊጽኩም ከም ዘለኹም፣ ኩሉ ተረዲእኩም ከም ዝኾነን እቲ ፕሮቶኮል ድማ ከም ዝተተርጎመልኩምን ኢኹም ተረጋግጹ። ከምኡ እንተ ዘይኮይኑ ወይ ድማ ኣብቲ ፕሮቶኮል ጌጋ ዘሎ እንተ ኾይኑ፣ ኣይትፈርሙ። ከምዚ ዓይነት ጉዳይ ዘጋጠመኩም እንተ ኾይኑ፣ ብዝተኻእለኩም መጠን ድሕሪ ቃለ መጠይቕ ቀልጢፍኩም ምስ ትካል ኣማኸርቲ ወይ ድማ ምስ ጠበቓኹም ተዛረቡ።

ቅድሚ እቲ ውሳነ ምግባሮም፣ ነቲ ፕሮቶኮል ንኽህቡኹም ሕተቱ። ከም ግቡኡ ነቲ ፕሮቶኮል ድሕሪ እቲ ቃለ መጠይቕ ቁሩብ ሰሙናት ጸኒሖም ብፖስታ ይሰዱልኩም እዮም። ነቲ ትሕዝቶ ፕሮቶኮል ብሓገዝ ሓደ ክትርጉመልኩም ዝኽእል ሰብ መርምርዎ። እቲ ቃለ ጉባኤ ልክዕን ሙሉእን ከም ዝኾነ ኣረጋግጹ። ሓንቲ ጠበቓ ወይ ሓደ ጠበቓ ዝሓዝኩም እንተ ኴንኩም፣ ንጠበቓኹም እዚ ጽሑፍ ይስደድ፣ ጠበቓኹም ንዓኹም ይሰዱልኩም ወይ ድማ ብዛዕብኡ ምሳኹም ይመያየጡ። ካብኡ ብዝተረፈ ንትካል ኣማኸርቲ፣ ብቤት ጽሕፈት BAMF ጌጋ ዝተጻሕፈ እንተሎ ምእንቲ ክዕረ፣ ሓገዝ ሕተቱ።



## ናይ ቤት ጽሕፈት BAMF ውሳነ




ቤት ጽሕፈት BAMF ብዛዕባ መመልከቲ ዑቕባ ዝውስኖ (**„ውሳነ“**) („Bescheid“) ብጽሑፍ ይሰደልኩም። በዚ ምኽንያት ድሕሪ እቲ ቃለ መጠይቕ ዕለታዊ ደብዳበ ተሰዲዱልኩም እንተ ኾይኑ ተቖጻጸሩ። ኣብቲ መንበሪ ገዛኹም ሓዲሽ ዝመጸ ደብዳበ ዝሕብር ሰሌዳ ዘሎ እንተ ኾይኑ፣ ዕለታዊ ርኣዩ። ወይ ድማ ነቲ ኣብ መንበሪ ገዛኹም ደብዳበ ዝህብ ውልቀሰብ ሕተቱ። ጠበቓ ዘለኩም እንተ ኾይኑ፣ እቲ ውሳነ ናብ ቤት ጽሕፈት ጠበቓኹም እውን ክስደድ ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት ጠበቓኹም ኣብ ዝኾነ እዋን ንዓኹም ክረኽበኩም ከም ዝኽእል ኣረጋግጹ።

ዘመልከትኩሞ ዑቕባ እንተ ተነጺጉ፣ ነዚ ውሳነ ተቓዊምኩም ኣብ ሓደ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክትብሉ መሰል ኣለኩም። ነዚ ግን ብዙሕ ጊዜ የብልኩምን። ነቲ ኣብ ናይ መጀመርታ ገጽ ናይቲ ውሳነ ተጻሒፉ ዘሎ ኣስተውዑሉ:

- ኣብቲ ናይ መጀመርታ ገጽ „ከም መጠን ስደተኛ ተቐባልነት ንኽትረኽቡ ዘመልከትኩሞ **ተነጺጉ እዩ**“ (**„abgelehnt“**) ዝብል እንተሰፊሩ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽተመልከቱ ከም ግቡእ ናይ ክልተ ሰሙን ጊዜ እዩ ዘለኩም። ከምኡውን ንዓኹም „ደረጃኡ ዝተሓተ ዑቕባ“ ዝተረጋገጸ እንተ ኮይኑ፣ እስኹም ግን ከም መጠን ስደተኛ ተቐባልነት ክረጋገጸልኩም እንተደለኹም እውን፣ ከምኡ እዩ።

- ኣብቲ ናይ መጀመርታ ገጽ „እቲ ከም መጠን ስደተኛ ተቐባልነት ንምርካብ ዘመልከትኩሞ **ምኽንያት ዘይብሉ ምዃኑ ስለዝተረጋገጸ ተነጺጉ እዩ**“ (**„als offensichtlich unbegründet abgelehnt“**) ዝብል ዝሰፈረ እንተ ኾይኑ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ንምምልካት ዘለኩም ጊዜ ሓደ ሰሙን ጥራሕ እዩ ።

- ኣብቲ ናይ መጀመርታ ገጽ „እቲ ከም መጠን ስደተኛ ተቐባልነት ንምርካብ ዘመልከትኩሞ **ስለ ዘይፍቀድ ተነጺጉ**“ (**„als unzulässig abgelehnt“**) ዝብል ዝሰፈረ እንተ ኾይኑ፣ ቤት ጽሕፈት BAMF ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባኹም ኣብ ጀርመን ክጻረ ኣይግብኦን እዩ ኢሉ ወሲኑ ኣሎ፣ ንኣብነት ሓደ ካልእ ሃገር ጉዳይኩም ንምጽራይ ሓላፍነት ስለ ዘለዎ። እቲ ጉዳይ ከምኡ እንተ ኾይኑ እውን፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ንምምልካት ዘለኩም ጊዜ ሓደ ሰሙን ጥራሕ እዩ ።

ዝኾነ ይኹን ግን ኣብ ቤት ፍርዲ መመልከቲ ምቕራብ፣ ትርጉም ዘለዎ እንተ ኮይኑ፣ ምምርማር የድሊ እዩ። በዚ ምኽንያት ቀልጢፍኩም ምስ ሓንቲ ወይ ሓደ ጠበቓ ወይ ድማ ምስ ትካል ኣማኸርቲ ተማየጡ፣ ብዝበለጸ ኣብታ ነቲ ውሳነ ዝተቐበልኩምላ መዓልቲ ከምኡ ግበሩ።

